ሃገራዊ ሽማግለ ኤርትራውያን ጀርመን ም.ማ.
المجلس الوطني لل الاريتريين في ألمانيا
ZENTRALRAT DER ERITREER IN DEUTSCHLAND e.V.

# ፕሮጀክት መኸተ ኣንጻር ጸረ-ወራር ኣንበጣ፡ ኤርትራውያን ኣብ ሃገረ ጀርመን

እዚ ንዓለምና ገና ዘሳቒ ዘሎ ለበዳዊ ሕማም ኮሮና ቫይረስ መዕለቢኡ ከይረኸበ ከሎ፡ እኳ ድኣ መሊሱ ካብቲ ዝነበሮ እናተላብዔን ዝልከፉ እናበዝሑን ኣብ ዝኸደሉ ዘሎ እዋን ምህላውና ርዱእ ኣዩ። ተወሳኺ ኣብ ሃገርና'ውን ንከታተሎ ከም ዘለና ፡ ብሓያል ጻዕርን ስራሕን፡ ብህዝብን ምክልኻል ሃገርን መንግስትን ኤርትራ፡ ንማዕበል ወራር ኣንበጣ ቕድመ ኩነት ዘድሊ ንቕሓትን ኣፍልጦን ብምብራኽ፡ ዘድሊ ናውቲ ብምቅራብን ምድላው ጌይሩ ምጽንሑ ዝተሓበናሉ ክብሪ ኤርትራውነትና ኢዩ። እዚ ወራር ኣንበጣ ብኹሉ መኣዝን ምስ መጸ'ውን ሓያል ምርብራብ ብምግባር ዓቢ ዕንወት ከይገበረ ከሎ ኣምኪኑን ይምክቶን ኣሎ። እዚ ማለት ግን ባህርያትን ጠባይን ኣንበጣ ተጸፍዩ ጸኑሑ ዳግማይ ወራር ክገብር ተኽእሎ ምህላዉ ኢዩ።

ነዚ ኣብ ኣብ ግምት ብምእታው፡ ንጽንዓትን ሓያል መኸተ ህዝብን ሰራዊትን መንግስትን ከም ወትሩ ኣብ ጉድኑ ምህላውና ንምርግጋጽ፡ ነቲ ብኸተማ ስቱትትጋርትን ከባቢኡን፡ ብሃማድኤ ጀርመንን ፍራንክፈርትን ተበጊሱ ዘሎ እወንታዊ ስጉምቲ ብምዕዛዝ፡ ዕለት 29 ሕዳር 2020 ምስ ኩለን ሃገራዊ ሽማግለ ከተማታት ኣብ ዝተገብረ ኣኼባ ነቲ ተበጊሱ ዘሎ ፕሮጀክት ጸረ-ወራር ኣንበጣ ብጀርመን ደረጃ ብውህደት ንኽትግበር መደምደምታ ተበጺሑ።

እዚ ወፈያ እዚ እውን ከምቲ ዕዉት ፕሮጀክት ኣንጻር ኮቪድ-19 ኩሉ ሃገራዊ ኤርትራዊ ብወንን ድልየትን ውልቀ ተበግሶ ዓቕሙ ብዘፍቕዶ ዝግበር ኣበርክቶ ኢዩ።

ዓወት ንሓፋሽ

ሃገራዊ ሽማግለ ኤርትራውያን ጀርመን

ሓይሊ ዕማም ጎስጓስን ሓበሬታን